# ወይ ህዝባዊ መኸተ።

ብተ. ኣ. ገብረልዑል

ካብ ሃገር ሪሕቕካስ ንውግእ ክተቴ
ንርእሸኻ ኣብ ሰላም ንህዝብኻ ኣብ ህውከቴ
ሰብ ዶ የጣቕዕ ኀኹናት ንህውከቴ
ዝጐሃረ ሓዊስ ነይደሊ መሸረፈቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ደቀይ ክመሃሩ ደቂ ኻልእ ይሙቴ
ከብዶም ዝዥቐበበ ብምግቢ ብመስተ
ክስዕስዕ'ዶ ይሓድር ባዓል ብዙሕ ሸበቴ
ኣብ ዳንኬራ ሓዲርካስ ጅግንነቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ወርቂ ተጀንጂና ተኾድድ ኣረጊቴ
ማርያም ረሲዓስ ንህግደፍ ኣማኒቴ
ሎሚ ሰማዒት ጽባሕ መስካሪቴ
ደቂ ሰብ ምስ መቱ ዕልል በሃሊቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ኣብ ተለቪዝርን ርእዮም ምሸተ ምሸቴ
ኮርኩሮ ኰይኑ ቀለብና ከም ጭቕቴ
ካብ ከብዲ ዝሓስም ናይ ዓይኒ ጥምቴ
ካባና ርሒቑ ጸጋ በረኸቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ጳጳስ ክኣስሩ ኣፎም ዝተለኽተ
እንታይ ኣራዊቱ እዩ ሞባእ ዝዘመተ
ወዲ ሰብ ከዕርብዎ ብጊሓት መሬቴ
ብሕድሪት ተኣሲሩ ከም ኣድጊ ክጕተቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ክዉን ከይርእዩ ዓይኖም ዝተዓመተ
መንእሰይ ክግፈፍ ብዱላ ክኽትከቴ
ኣብ ድፋዕ ይሓልፍ ሸዊት ንእስነቴ
ደቃ ምስ ሃደሙ ትእሰር ኣረጊቴ
ክብረን እንክድፈር ክዝረፋ የሕዋቴ
መሃይም ኰረነል ክገብረን ዉሽማ መጕዝቴ
    ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ብናጻ ምግልጋል ኣይኰነን'ዶ ባርነቴ
ኰንቱ ገርኩሞ ናይ ኣሕዋትኩም ሞቴ
መራሒ ክቋጻጸ ፈቐዶ እንዳመስተ
ሰኺሩ ክሓድር እንዳ መበለቴ
ኣይኰነን'ዶ ዓቢ ድሕሪ ሱሳ ዓመቴ
ምሓሸ ምጽላይ ምድጋም ዳዊቴ
ትሕትና ጠፊኡ ነገሰ ትዕቢቴ
እንታይ ድኣ ኣምጺእዎ እዚ ኹሉ ዕንወቴ።

ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ንሓተላ ጕንበት ይሳለሙ ከም ታቦቴ
ሕሱም ዘመን መንግስቲ ይዘምቴ
ብቐልጽም ብሓይሊ ዝጐብጥ መሬቴ
ብዶላር ይሸየጥ መሬት እንዳማቴ
ሱቕ ኢሉ ይዕዘብ መስኪን ወደባቴ
ተሓቢኡ ይበኪ ኣብ ዉሻጠ-ቤቴ
ምስ በዓል ካላሽን መን ይናገር መን ይማጐቴ።
ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ዓዱ ክዝመት ዓይኑ ዝዕመቴ
ሃበኩም'ዶ ዕሽነት ማዕረ ቀመቴ
ከም በለስ ትበርቁ ሓንሳብ ንዓመቴ
ዘበን ብቐጕንጣሮ ናይ ወርሒ ጐይቶቴ
ናብ ሃገርካ'ዶ ይምጻእ ክስዕሳዕ ክዝሞቴ
ሒዛ መጺኣትና ናይ ወጻኢ ዜግነቴ
ሰውነት እንተግዘፍኪ ኣይኮነን እመበቴ
ባህላ እንተረሰዔት ይመስላ ፈረንጂ ዝኾነቴ
መሪር እንክሎ ናብራኺ ኣብ ስደቴ
ኣይመድለየን እምብዛ ጽጋብ ትዕቢቴ።
ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ንዓኹም ናጽነት ንዓና ባርነቴ
ንዓኹም ሕምቶ ንዓና ሓሞቴ
ንዓኹም ጮማ ጥቦቴ ንዓና ዓጽሚ ቆርበቴ
ናኹም ሰላም ንዓና ህውከቴ።
ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ብዓል ዕጫ ኰይኑ ዝነብር ኣብ ስደቴ
ፈታው ጋሻ ህዝቢ ሃበኩም ብኽብረቴ
ኻኸብዱ ገዲፉ ዘላቶ ሸዊቴ
እንታይ ሲኢኖም ኢልኩሞም ብትዕቢቴ።
ኣቤተ ህዝባዊ መኸተ
ትሕትና'ዶ ኣይኮነን ዝህበኩም ክብረቴ
ዘመናዊ ፈርያን ኣምጺኡልና መዓቴ
ሕጊ ተሳኢኑ ናይ ሃገር ስርዓቴ
ጠፊኡና ፍትሒ ፈውሲ ሞቴ
ጥምየት ተወዲእና ድሕሪ ናጽነቴ
ህዝብኹም መሲልና ናይ ዉሽጠ ቅርዓቴ
ጐቢጡ ክኸይድ ከምዝሓዞ መንድዓቴ
ኣይጠቅም ትምህርቲ ኣይጠቅም ፍልጠቴ
ሕልና እንተጠፊኣ ሓቂ ዘመልከቴ
ቅጭጭ እንተዘይበለኩም ናይ ህዝቢ ኣውያቴ
ሓደ መዓልቲ እኮ'ሎ ዘሕትቴ
ይካኣሎ ኣምላኽ የውርደልና ምሕረቴ
ንሕናስ ተማህሊልና ኣቡነ ዘመስምያቴ።